ምልክታ ሊዝ ጨረታ ዙር ጨረታ 9ይ ዙር ዓይነት ጨረታ መደበኛ ናይ ከተማ ዛላንበሳ ም/መ/ምሕደራን ናይ ከተማ ቦታ ብሊዝ ብዛዕባ ምሓዝ ብዝደንጎጎ ኣዋጅ 5/2007 መሰረት ንመንበሪን ንንግዲን ዝተዳለወ ቦታ ብግልፂ ጨረታ ንተጠቀምቲ ከመሓላልፍ ይደሊ። ብምኽኑ ክጫረት ዝደሊ ዝኮነ ሰብ እዚ ምልክታ ካብ ዝወፀሉ ካብ ሎሚ ዕለት 13/07/2011ዓ/ም ጀሚሩ ናይ ጨረታ ሰነድ ዘይምለስ ብር 150.00 ብምክፋል ምግዛእ ዝክእሉ ምኽኖም ነፍልጥ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ቀዳም መጋቢት 14, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: መጋቢት 24, 2011 11:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:5%
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:150.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: መጋቢት 24, 2011 3:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: መሬትን ሊዝን/

1 ተጫረቲ ዘትሕዝዎ ናይ መከበሪ ትሕጃ 5 ሚኢታዊ ካብ ናይ ቦታ ዋጋ ብመበገሲ ሊዝ ብባንኪ ብዝተረጋገፀ ናይ ገንዘብ ክፍሊት ትእዛዝ /ሲፒኦ/ ወይ ኢንሹራንስ ቦንድ ከቕርቡ ኣለዎም።

2 ሰነድ ጨረታ መሸጢ እዋን ካበ 13/07/2011ዓ/ም ጀሚሩ ክሳብ 23/07/2011ዓ/ም ሰዓት 9:00 ድ/ቀትሪ ኣብ ዘለው 10 ናይ ስራሕ መዓልታት ጥራሕ ይከውን። ዕለት 19/07/2011ዓ/ም ሰዓት 9:00 ሰነድ ጨረታ ምሻጥ ጠጠው ይብል።

3 ሳንዱቅ ጨረታ ዝዕፀወሉ ዕለት 23/07/2011ዓ/ም ሰዓት 11:00 ድ/ቀትሪ ይከውን።

4 ጨረታ ዝክፈተሉ ዕለት 24/07/2011ዓ/ም ሰዓት 3:00 ቤት መዘጋጃ ከተማ ዛላንበሳ ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወኪላቶም ኣብ ዘለውሉ ይከውን።

5 እቲ ከይዲ ስራሕ ነቲ ዝወፀ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ከ/ስ/መሬት ምልማዕን ምሕደራን ከተማ ዛላንበሳ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle